<u>**ብኢንተርነት ናይ ኢሚግረሽን መንነት (ኢቪዛ) ምርካብ፡- ኣገዳሲ ዝኾነ ስለምንታይ እዩ?**</u>

- ዶባትን ስርዓተ ኢሚግሬሽንን ዓዲ እንግሊዝ **ዲጂታላዊ ይኸውን ኣሎ።**

  እዚ ማለት መብዛሕትኦም ኣካላዊ ሰነዳት
  ኢሚግሬሽን፡-

  - ናይ ባዮሜትሪክ መንበሪ ፍቓድ (BRP)
  - ባዮሜትሪክ መንበሪ ካርድታት (BRC)
  - ኣብ ፓስፖርትታት ዘሎ ማሕተም
  - ኣብ ፓስፖርትታት ዝርከቡ ቪንዬት ተለጣፊታት
  - ናይ ዶብ ፍቓድ

  → ብኢቪዛ ይትክኡ ኣለዉ።

- ኢቪዛ ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታትኩም ዝገልጽ ናይ **ኦንላይን መዝገብ** እዩ።

- ዝበዝሑ ባዮሜትሪክ መንበሪ ፍቓድ (BRP) ብ31 ታሕሳስ 2024 ናይ ምውዳእ ዕድመ ኣለዎም፣ ምኽንያቱ **ኢቪዛታት ንBRP**ይትክኦ። እዚ ማለት ግን እቲ ናይ መንበሪ ፍቓድ በዚ ዕለት እዚ እዩ ዝውዳእ ማለት ኣይኮነን። ናይ ምጽናሕ ፍቓድኩም መዓስ ከም ዝውዳእ ርግጸኛታት እንተዘይኮይንኩም፣ ካብ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ዝረኸብኩሞ ናይ ውሳነ ደብዳበ ክትፍትሹ ትኽእሉ ኢኹም።

- ናብ ኢቪዛኹም ንምእታው ናይ ዓዲ እንግሊዝ ቪዛን ኢሚግረሽንን (UKVI) መለያ ክትፈጥሩ ኣለኩም፣ በዚ ድማ ክትክእሉ ኢኹም፡-

  - ኣብ ኢንተርነት ዘለኻሉ ኩነታት ምርኣይን ምርግጋጽን
  - ኣብ ዓዲ እንግሊዝ እንታይ መሰላት ከምዘለኩም መርምሩ
  - ውልቃዊ ዝርዝራትኩም ኣዘምሩ - ከም ናይ ርክብ ሓበሬታኹም

- ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ምንባር ፍቓድ ንዘለዎም **ነፍሲ ወከፍ ሰባት** ሓደ ሕሳብ ክትፈጥሩ ኣለኩም - እዚ ድማ **ደቅኹምን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርኩም ዘለዉ ሰባትን**የጠቓልል።

- ናይ ኢቪዛ ኣመልካቲ መስርሕ **ብነጻ** እዩ።

<u>**ሓፈሻዊ ሓበሬታ**</u>

**እንታይ የድልየኩም?**

ንኽትጅምሩ የድልየኩም እዩ?

- ✓ ስማርትፎን (ኣይፎን 7 ወይ ዝሓሸ ሞዴል ወይ ድማ ብዘይ ርክብ ክፍሊት ክትገብር እትኽእል ናይ ኣንድሮይድ ስልኪ። ሓደ እንተ ዘይብልኩም፣ ሓደ ዘለዎ ሰብ ክሕግዘኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።
- ✓ ናይ መንነት ወረቐትኩም፦ እዚ ናትኩም BRP ወይ ፓስፖርትኩም ክኸውን ይኽእል እዩ።
- ✓ ቁጽሪ BRP ወይ መመልከቲኹም (እዚ UAN ክበሃል ይኽእል እዩ፣ ወይ ብፊደላት GWF ክጅምር ይኽእል)
- ✓ ናይ ልደት ዕለትኩም
- ✓ ኢመይል ኣድራሻኹም
- ✓ ቁጽሪ ሞባይል ቴሌፎን
- ✓ ናብ ኢሚግሬሽን ዓዲ እንግሊዝ ተወከሱ፦ ID Check መተግበሪ ዝበሃል ኣብ Google Play Store ወይ App Store ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**ናይ BRP ካርድ ወይ ፓስፖርት እንተዘይብልኩም፦**

- ድሕሪ 31ይ ጥቅምቲ 2024 ክትጸንሑ ፍቓድ እንተተዋሂብኩም፣ BRP ካርድ ኣይክትረኽቡን ኢኹም። ቤት ጽሕፈት ቤት ጽሕፈት ብዛዕባ ኢቪዛ ከመይ ክትረኽቡ ከምትኽእሉ ክሕብረኩም እዩ።
- ቅድሚ 31ይ ጥቅምቲ ክትጸንሑ ፍቓድ እንተተዋሂቡኩም ግን ናይ BRP ካርድኩም ጠፊኡ ወይ ተሰሪቑ፣ ፓስፖርት ድማ እንተዘይብልኩም፣ ሕጂ'ውን ሕሳብኩም ከተቕውሙ ትኽእሉ ኢኹም፣ ግን ኣብ ቪድዮ ቃለ መሕትት ምስ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት መንነትኩም ንምርግጋጽ ክትሳተፉ ከድልየኩም ይኽእል እዩ።
- ክትጸንሑ ዘይተወሰነ ግዜ እንተሃልዩኩም ግን ከኣ BRP ሒዝኩም ዘይትፈልጡ እንተኾይንኩም፣ ናብ UKVI ኣካውንትትን ኢቪዛን ንምርካብ ብነጻ ናይ ግዜ ገደብ ዘይብሉ (NTL) መመልከቲ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

**ናይ ግዜ ሰሌዳታት**

ኢቪዛኹም ኣብ UKVI ኣካውንትኩም ንምርኣይ ድሉው ምስ ዝኸውን ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ኢመይል ክገብረልካ እዩ። ብተለምዶ እዚ ካብ 2–3 መዓልታት ይወስድ፣ ግን ክሳብ 8 ሰሙን ክወስድ ይኽእል።

**ብሼር ኮድ መሰላትኩም ምርግጋጽ**

ሼር ኮድ ብኢንተርነት ዝፍጠር ኮድ ኮይኑ ንኣስራሕቲ ወይ ኣካረይቲ መሰላትኩም ንምርግጋጽ ክወሃብ ይኽእል። ናይ ምስራሕ መሰልኩም ንምርግጋጽ፣ ናይ ሼር ኮድ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም፦ https://www.gov.uk/prove-right-to-work። ናይ ክራይ መሰልኩም ንምርግጋጽ ናይ ሼር ኮድ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም፦ https://www.gov.uk/prove-right-to-rent/get-a-share-code-online።

**ድሕሪ 31ይ ታሕሳስ 2024**

ግዜኡ ዝሓለፎ BRP ካርድ ምጥቃም እቲ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት፣ ንግዚያዊ እዋን፣ እቶም ቅቡል ናይ መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ሰባት፣ ድሕሪ 31ይ ታሕሳስ 2024 ንዝተወሰኑ ዕላማታት ናይ BRP ካርዶም

ክጥቀሙ ከም ዝኽእሉ ኣፍሊጡ። እዚ ድማ ክሳብ 31ይ መጋቢት 2025 ካብ ዓዲ እንግሊዝ ናብን ወጻእን ዝግበር ጉዕዞ የጠቓልል። እንተኾነ፣ እቲ እንመኽረኩም ነገር፣ UKVI ኣካውንትን ኢቪዛን ቀልጢፍኩም ክትከፍቱ እዩ።

<u>**ብኢንተርነት ናይ ኢሚግሬሽን መንነት (ኢቪዛ) ንምርካብ ደረጃ ብደረጃ መምርሒ**</u>


1. **ስጉምቲ 1፦ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ቪዛን ኢሚግሬሽንን (UKVI) ኣካውንት ምፍጣር**
   ናይ UKVI ኣካውንትኩም ንምፍጣር፣ ቁጽርኹም
   - ✓ BRP ከድልየኩም እዩ፤ **ወይ**
   - ✓ ቁጽሪ መመልከቲ።

   ሓደ ደብዳበ ወይ ኢመይል እንተድኣ ረኺብኩም፣ ኣካውንት ክትፈጥሩ፣ ነቲ መምርሒ ክትስዕቡ፣ ወይ ናብ https://www.gov.uk/get-access-evisa ክትከዱ ትሕተቱ እንተድኣ ኮይንኩም።
   ዝርዝር ሓበሬታኹም ኣመልኪትኩም "መለያ ፍጠሩ" ጠውቑ።
   ብኢመይል ናይ UKVI ኣካውንትኩም ከምዝተፈጥረን ክትኣትዉ ከምዝኽእሉን መረጋገጺ ክትረኽቡ ኢኹም።

2. **ስጉምቲ 2 – መንነትኩም** ብናይ ዓዲ እንግሊዝ ኢሚግሬሽን ID Check መተግበሪ ብምጥቃም**ኣረጋግጹ**

   ናይ **ዓዲ እንግሊዝ ኢሚግረሽን ዳውንሎድ ምግባር፦ መንነትኩም ንምርግጋጽን ኢቪዛኹም ናብ ኣካውንትኩም ንምውሳኽን ኣብ ስልክኹም ID Check** ዝብል መተግበሪ።
   እቲ መተግበሪ ክሓተኩም እዩ፦
   - ✓ ስእሊ ናይ BRP ወይ ፓስፖርትኩም ንምውሳድ፣
   - ✓ ነቲ ኣብ ሰነድኹም ዘሎ ሓበሬታ ንምርግጋጽ ከምኡ ውን
   - ✓ ገጽኩም ስእሊ ንምውሳድ።

ስእልታት ምውሳድ ብልሓት ክህልዎ ይኽእል እዩ። ኣብ ታሕቲ ዘሎ መምርሒ ስእሊ ፓስፖርት ምውሳድ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ገጽ እዚ ሰነዳትኩም ንምስካን ዝሕግዙ ምኽርታት እውን ኣለዎ፦ https://www.gov.uk/guidance/using-the-uk-immigration-id-check-app



✓ Plain light-coloured background




✗ Textured background




✗ Object in background



✓ Even lighting and no shadow



✗ Shadow on face



✗ Shadow behind head



✓ Religious headwear



✗ Fashion hair accessories



✗ Fashion headwear



✓ Eyes fully visible



✗ Glasses covering eyes



✗ Hair covering eyes

## 3. ስጉምቲ 3፡- ኣካውንትኩም ምስ ኢቪዛኹም ኣተሓሕዙ

ኩሉ ዕማማት ምስ ወዳእኩም ነቲ ኣዋጅ ከም ዘንበብኩምዎ ኣረጋግጹ እሞ “ኣእትው” ጠውቑ። ኢቪዛኹም ንምርኣይ ድሉው ምስ ኮነ ኢመይል ክመጸኩም እዩ። እዚ ሒደት መዓልታት ክወስድ ይኽእል እዩ።
ኢቪዛኹም ምስቲ ኣካውንትኩም ንምፍጣር ዝተጠቐምኩምሉ ናይ መንነት ሰነድ ክተሓሓዝ እዩ። ካብ ዓዲ እንግሊዝ ወጻኢ ክትገሹ እንተሓሲብኩም፣ ቅድሚ ምጉዓዝኩም ናይ ሕጂ ናይ መገሻ ሰነድኩም ምስ ኢቪዛኹም ዝተኣሳሰር ምዃኑ ክትፈልጡ ኣለኩም።

### ብዛዕባ ኢቪዛኹም ሓገዝ ምርካብ

- ኢቪዛኹም ኣብ ምድላው ክሕግዙኹም ዝኽእሉ ትካላት ኣለዉ። ዝርዝር ናይ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝርከባ ትካላት ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡- https://www.gov.uk/government/publications/evisa-community-support-for-vulnerable-people/list-of-organisations#england
- ንUKVI ብተሌፎን (0300 790 6268) ወይ ብመንገዲ https://ukimmigration-support-webchat.homeoffice.gov.uk/evisa ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።
- GMIAU ካብ ጥሪ 2025 ጀሚሩ ሰባት ኢቪዛኦም ንኸቕውሙ ንምሕጋዝ ናይ ሕጋዊ ደገፍ ክፍለ ግዜታት የካይድ ኣሎ – ንዝያዳ ሓበሬታ ምስ nicola@gmiau.org ተወከሱ
- ብዛዕባ መስርሕ ኢቪዛ ኣዘውቲርና ዝሕደሱ ሕጋዊ ሓበሬታታት ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡- https://gmiau.org/evisas/

ነዛ ወረቐት ንምትርጓም ግዜኹም ብምውፋይኩም ንwelocalize ነመስግነኩም

ብመሰረት ፍቓድ ክፉት መንግስቲ ፍቓድ ዝተዋህበ ናይ መንግስታዊ ጽላት ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ ስ3.0